

# ዘመነ ጽጌ

## ጊዜ ዕምባባ

(25 መስከረም - 5 ኅዳር)

ብሥርዓት ግዕዝ ሰንበት 9 ጥቅምቲ 2005 ዓ. ጎርጎርዮስ (29 መስከረክ 1998 ዓ.ም. ግዕዝ) ኪኸውን ኢዩ። ኣብ ርእሲ በዓለ እግዚሔር ምኻኑ፡ ቀዳማይ ሰንበት ዘዘመነ ጽጌ እውን ኢዩ።

ብዙኅ ሰብ ዘይፈልጦ ኮይኑ እምበር፡ ካብ ፳፭ መስከረም ክሳብ ፭ ኅዳር (ብሥርዓት ግዕዝ) በኣና ፍሉይ ግዜ ዓመት እዩ። በዓል ቅ. ዮሓንስ (ርዕሰ ዓመት) ሓሊፉ፡ መስቀል ኣብዒልና፡ ሕጂ ከኣ ጊዜ ሕጸን መርዓን ጓይላን እዩ። በረኻ ዓድና፡ ዕንባባ ገልገለ መስቀል ይሽለም። ዘርኢ ኣብ ሰዊት በጺሑ፡ በለስ ዝፈርየሉ እዋን ኣኺሉ። ሰዊት ዕፉን ዝጥበሰሉ ጊዜ መጺኡ። ብግራውቲ እንተ ሓለፍካ፡ ጻሕ ዝበለ ጎልጎል ስርናይን፡ ባልደንጋን፡ ዓተርን፡ ዓይኒዓተርን፡ ሰበረን፡ እንጣጥዕን፡ ጣፍን፡ ዳጉሻን፡ ኪበቍል፡ ኪዓብን፡ ኪሽውትን፡ ኪኣክልን ድማ ኪዕጸድን፡ ኪኣቱን ንዕዘብ። ሓረስታይ ትጽቢቱ ዚማላኣሉ፡ ጻማ ድኻሙን ተስፋኡን ዝረኽበሉ፡ ነጋዳይ እውን ዝወፍረሉ ጊዜ ኣኺሉ። እግዚኣብሔር ንወዲ ሰብ ተቐዳዲሙ ብፍጥረት ስለዝተገለፆ (መዝ 89፡6 ር ኣ) ቅዱስ መጽሓፍ ንተፈጥሮ እናተመልከተ ዜቅርበልና ትዕዝብቲ ኣለዎ።

ወድሰብ ካብ ዝደረሶ መዛሙር፡ እቲ ዝበለጸ "መኃልየ መኃልያት" ዚበሃል ብመንፈስ ቅዱስ ተደሪኹ ዝጸሓፎ ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ዝሰፈረ ግጥሚ ኢዩ። ፈታዊ/ሕጹይ ንሕጺቱ/ፍትውቱ ዚዝምረላ፡ ንሳ ድማ መልሲ እናሃበት እትደርፈሉ ግጥሚ ኢዩ። ምስኣ ንበይኑ ኣብ በረኻ ኪወስዳ እሞ፡ ስምዒት ልቡ ኪገልጸላ ምስ ደለየ፡ ተፈጥሮ ብዕምባባን ብፍርያትን ካብዝተሸለመ፡ ጊዜ መዝሙርን ፍቕርን ከምዝኣኸለ እናተመልከተ፡ ከምዚ እናበለ ኪጥብራ ይፍትን፡

እንሆ ከረምቲ ሓሊፉ - ዝናም ዛርዩ - ተወዲኡ፡
ዕንባባታት ኣብ ምድሪ ተራእዩ -
ጊዜ መዝሙር በጺሑ።

ድምጺ ባሬቶ ኣብ ምድሪ ይስማዕ ኣሎ።
ፍሬ ኦም በለስ ኣብ ምድርና ጎጊቡ፡
ተኽሊ ወይኒ ዓንቢቡስ፡ መኣዛኡ የውጽእ ኣሎ።

*ሓቲ ፍትውተይ ተንሥኢ፥*
*ጽብቕተይ ምሳኢ ውጺ...*

*....ኣታኽልቲ ወይንና ዓንቢቡ እዩ እሞ፡*

*ኣታኽላቲ ወይኒ ዜበላሽዋ ወኻሩ፡*
*ነተን ኮራኹር ወኻሩ ኣጻዊድኩም*
*ሓዙልና።*



ቤተክርስቲኣን ንሰብ ዜገድሶ ዘበለ ኵሉ፡ ንዓኣ ስለዘገድሳ ምስ ዚሕጐስ ትሕጐስ። ትጽብትን ታሕዋኽን ሕጹያት እናተመልከተት፡ ንሳ እውን መዓልቲ መርዓኣ ምስ ኢየሱስ ሕጹያ ትጽበ ከምዘላ (ትምጻእ መንግስትከ!) እናሓሰበት፡ ዕንባባን ፍረን መንፈሳዊ ጸጋታት እግዚኣብሔር ክንዕዘብ ትጽውዓና።

ኣብ መንፈሳዊ ግራት እግዚኣብሔር ዚዕንብብ ፍሉይ ጸጋታትክ እንታይ ኢዩ? ብጊዜ ዘመነ ጽጌ ዚዝመር መዛሙር እንተተዓዚብና፡

1. መስቀል ክርስቶስ ኣብ ዓለም ከምዝዓንበበ ንምልከት፡

ትብሎ መርዓት ለመርዓዊሃ፡
ወልደ እኁየ ነዓ ኀቤየ ወሪደ ኢታጕንዲ፡
ምስቀል ጸገየ ዘጋዲ - ምስለ ጴጥሮስ ዓዋዲ
ወጳውሎስ ሰዳዲ ....
ማርያም መስቀሉ ለበዓል ኀበ ትወዲ

መስቀል ጸገየ ዘጋዲ፣ ዬ መስቀል ጸገየ
ዘጋዲ።
መርዓት ንመርዓዊኣ፡
ወዲ ሓወይ ንዓ ናባይ፡ ኣይትደንጉ
መስቀል ጋዲ - ምስ ጴጥሮስ ኣዋጅን - ጳውሎስ
ሰዳድን - ፈርዩ ኢዩ፣

ማርያም ንበዓል መስቀሉ ክተሰናዱ እንከላ

መስቀል ጋዲ ፈረየ፣ ዬ መስቀል ጋዲ ፈረየ።

2. **ፍቅሪ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ቤተክርስትያን ዓንቢቡ፡**

በከመ ይቤ ሰሎሞን በእንተ ማርያም
ንዑ ንትፈጋዕ ወኢይሕልፈነ ጽጌ ደመና፡
መስቀል ዘዮም ኣብርሀ በሥነ ማርያም፡
ጴጥሮስኒ ይቤላ እመ ብርሃን፡
ጳውሎስኒ ሰመያ ደብተራ ግዕዛን፡
ኣጽገዩ ሕዝብ መሃይምናን፡
በቤተ መርዓ ተመርዑ ክርስትያን።

ከምቲ ሰሎሞን ብዛዕባ ማርያም ዝበሎ
ንዑ ንደፋእ ደመና ዘመነ ጽጌ ከይሓልፈና
ሎሚ መስቀል ብጽባቔ ማርያም በሪሁ፡
ጴጥሮስ ኣደ ብርሃን ዝበላ
ጳውሎስ ድማ ማኅደር ግዑዛን ክትኮኖ ዝሾማ
ሕዝብን ምእመናንን ፈረዩ
ብቤት መርዓ ክርስትያን ተመሮኣዉ።



3. **ሓልዮት እግዚእሔር**

ዘአጽንዐ ለምድር ዲበ ማይ
ወወሃቦሙ ሥልጣነ ለሓዋርያት፡
ወወሃቦሙ ሥልጣነ ይፈውሱ ድውያነ
በሰላም አዕረፉ ወተፈሥሑ በዕለተ
ሰንበት።

ንምድሪ ኣብ ልዕሊ ማያት ዘቆማ
ንሓዋርያት ድማ ሥልጣን ዝሃቦ፡
ንኵሉ ሕማም ኪፍውሱ ሥልጣን ዝሃቦም፡
ብሰንበት መዓልቲ ብሰላም ኣዕረፉን ተፈትስሑን

4. **ምሕረት እግዚኣብሔር**

ውመኑ መሓሪ ዘከማከ
ምስለ ኖኅ ኪዳነ ዘአቀምከ
ልደቂቀ እስራኤል መና ዘአውረድከ
ወበጽጌያት ምድረ አሠርጎከ
ወስነ ገዳምኒ ምስለ ቅዱሳኒከ
ወከመ ወሬዛ ኀየል መላትጊሁ
ጉርዔሁ መዓርዒር
ፀሓየ ወወርኃ ዘኣስተዋደድከ
ከዋክብተ ሰማየ ዘከለልከ
ወበጽጌያት ምድረ ኣሠርጎከ።
ወመኑ መሐሪ ዘከማከ፡
ወኵሉ ይሴፎ ኪያከ።
ዘወይጠል ሰማየ ወምድር ዘኣንተ ፈጠርከ፡
ቀደሳ ወኣክበራ፡ ኣዕበያ ለሰንበት
ወአልዓላ እምኵሉ መዋዕል።

ከማኻ መሓርስ መን ኣሎ
ንስኻ ምስ ኖህ ኪዳን ኣቶኻሉ፡
ንደቂ እስራኤል መና ኣውረድካሎም፡
ዕምባባ ንምድሪ ሸለምካ
በረኻ ብቅዱሳንካ
ከም ወጠጦ ማሕስእ ኅሮሮኡ መዓር
ከምኡ ሰማይን ምድርን ዝፈጠርካ
ኣምሳሉ
ፀሓይን ምድርን ዘዛወርካ
ሰማይን ብምድሪ ዝኸለልካዮን
ምድሪ ከኣ ብዕምባባ ኣመልካዕካያ።
ከማኻ መሓሪ መን ኣሎ
ኵሉ ኣባኻ ይትስፎ
ሰበት ካብ ኵለን
መዓልትታት ቀደሳን ኣኽበራን፡

5. ምስጋና (ነኣኵቶ ለዘጸገወነ ሠናይቶ)

በኵሉ ጊዜ ወበኵሉ ሰዓት፡
በኵሉ መዓልት፡
ወበኵሉ ሌሊት፡
እግዚአ ለሰንበት፡
ኣኰቴተ ነዓርግ ለመንግሥትከ፡
ምድረ በጽጌ ኣሠርጎከ።

ብኵሉ ጊዜን ብኵሉ ሰዓትን
ብኵሉ መዓልትን ብኵሉ ለይትን
ጐይታ ሰንበት
ምድሪ ብዕምባባ ሸለምካያ ኢኻ እሞ
ንመንግሥትኻ ነመስግን።

6. ጸጋ ሥነ ፍጥረት ንርእሱ ዕንባባ ቤተክርስቲኣን ኢዩ።

ጸገየ ወይን፡ - ፈረየ ሮማን፡
ፈረየ ኵሉ ዕፀወ ገዳም፡
ቀንሞስ፡ ዕቁረ ማየ-ልብን።
ሠርዓ ለነ ሰንበት ለዕረፍት ዚኣነ።
ጸገዩ ደንጉላት።
ኃለፈ ከረምት፡
ቆመ በረከት፡
ተሰርገወት ምድር  በሰነ ጽጊያት።
እግዚኣ ለምድር ወኣቡሃ ለምሕረት።
ሰርዓ ሰንበቱ ለዕረፍት ወለመድኃኒት።

ወይኒ ዓምቢቡ - ሮማን ፈርዩ፡
ኵሉ ኦም በረኻ ፈርዩ፡
ቀመማት፡ ማይ
ንዕረፍትናን ንመድኃኒትናን ሰንበት
ሠሪዑልና።
ደንጐላታት ፈረዩ፡
ከረምቲ ሓሊፉ
በረኸት ደው በለ
ብጽባቒ ዕምባባ ምድሪ ተሸለመት።